# እንታይ ኣጋጢሙ?

ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ወርሒ ጥሪ  ኣህጉራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ናይ ሳይበር ኣብ ልዕሊኡ መጥቃዕቲ ከምዝተፈጸመ ክርዳእ ክኢሉ። ብመሰረት እቲ መጥቃዕቲ ቀርሰንቲ ናብ'ቲ ናይ'ቲ ማሕበር መርበብ ኮምፒዩተራትን ኣብ'ቲ ብዛዕባ ኣገልግሎት ኣህጉራዊ ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ወርሒን ዳግማይ ምምላስ ጉዕዞን ጥምረት ስድራን ዝምልከቱ ሓበሬታታት ኣብ ዝሓዙ ሰርቨራትን ብዘይፍቓድ ኣትዮም።ኣህጉራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ኣብቲ ዘጋጠመ ምርመራ ኣብዝገብረሉ እዋን ንኣገልግሎታት ጥምረት ስድራን ኩሎም ሓበሬታታትን ኣደስኪልዎ ይርከብ።

ብዛዕባ እቲ ኣብ ልዕሊ ኣህጉራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ዘጋጠመ ናይ ሳይበር መጥቃዕቲ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ብሪጣኒያ ንዘውጽኦ ጋዜጣዊ መግለጺ  **ኣብዚ** ምርካብ ይከኣል።

**ነዚ መን እዩ ፈጺምዎ? ነቲ ሓበሬታታት ከ እንታይ ክገብሩዎ እዮም?**
**ኣየናይ ሓበሬታ እዩ ተተንኪፉ?**
**ብዛዕባ ውልቃዊ ሓበሬታይ እንተተሻቒለ ንመን ክረክብ?**
**ምኽሪ ነቶም ክትንከፉ ዝኽእሉ ሰባት**
**ቀይሕ መስቀል ብሪጣኒያ እንታይ ይገብር ኣሎ?**
**ተወሳኺ ሓበሬታ ብኸመይ ክረክብ እኽእል?**

# ነዚ መን እዩ ፈጺምዎ? ነቲ ሓበሬታታት ከ እንታይ ክገብሩዎ እዮም?

ኣህጉራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀል እዚ ዝተጠናነገ ናይ ሳይበር መጥቃዕቲ ከምዝኾነ ይኣምን። እንተኾነ ነዚ መን ከምዝፈጸሞ ኣይፈለጥን እዩ። ነቲ መጥቃዕቲ ኣነ እየ ፈጺመዮ ዝበለ ወገን እውን ዛጊት የልቦን። ኣብዚ እዋንዚ ብሰንኪ ናይ ሳይበር መጥቃዕቲ ውልቃዊ ሓበሬታታት ከምዝጠፍኡ፡ ከምዝተሰርቁ፡ ኣብ ዘይመዓላኦም ከምዝወዓሉ ወይ ከኣ ከምዝተዘርግሑ ዘረጋግጽ መርትዖ የልቦን።

# ኣየናይ ውልቃዊ ሓበሬታ እዩ ተተንኪፉ?

እዚ ናይ ሳይበር መጥቃዕቲ  ኣገልግሎት ኣህጉራዊ ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ወርሒን ዳግማይ ምምላስ ጉዕዞን ጥምረት ስድራን ዝምልከቱ ሓበሬታታት ኣብ ዝሓዙ ሰርቨራት ናይ ኣህጉራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ብዘይ ፍቓድ ብምእታው ዝተፈጸመ እዩ። ኣህጉራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ምስ ናይ ደገ ክኢላታት ብሙኻን ነቲ ኩነታት ኣብ ምምርማርን በቲ ፍጻመ ዝተተንከፈ ውልቃዊ ሓበሬታ ከምዘሎ ኣብ ምጽራይን ይርከብ።

እቲ ክንትከፍ ዝኽእል ውልቃዊ ሓበሬታ ነዞም ዝስዕቡ ክፍልታት የጠቓልል፡

- ሓበሬታ  ናይቶም ዝጠፍኡ ስድራቤታት ኣብ ምንዳይ ዝርከቡ ውልቀ ሰባትን ሓበሬታ ናይ ኣባላት ስድራቤቶምን፡ ንኣብነት ኣስማት፡ ጾታ፡ ዕለተ ትውልዲ፡ ቦታ ትውልዲ፡ ዓሌት ወይ ብሄር
- ኣድራሻታት፡ ናይ ኢመይል ኣድራሻታትን ቁጽርታት ቴለፎናትን
- ሓበሬታ ብዛዕባ ቤተሰባዊ ዝምድና ኣብ ሞንጎ ስድራቤቶም ኣብ ምንዳይ ዝርከቡ ውልቀሰባትን ዝጠፍኡ ስድራቤትን ።

እቲ መጥቃዕቲ ንኣገልግሎት ኣህጉራዊ ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ወርሒን ዳግማይ ምምላስ ጉዕዞን ጥምረት ስድራን ጥራይ እዩ ጸልዩ። እቲ ኣገልግሎት ድማ ንግዚኡ ደስኪሉ ይርከብ። ካልእ ናይ ብሪጣኒያ ቀይሕ መስቀል ኣገልግሎታት ወይ ሓበሬታታት ኣይተተንከፈን።

ቀይሕ መስቀል ብሪጣኒያን ኣህጉራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀልን ብሓባር ነቲ ኣብ ልዕሊ ኣህጉራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ዝወረደ ናይ ሳይበር መጥቃዕቲ ኣብ ምምርማርን ውልቃዊ ሓበሬታ ተተንኪፉ ይኽእል ዶ ኣብ ዝብል ኣብ ምፍታሽን ይርከቡ።

# ብዛዕባ ውልቃዊ ሓበሬታይ እንተተሻቒለ ንመን ክውከስ?

ብዛዕባ ውሕስነት ውልቃዊ ሓበሬታኹም እንተደኣ ተሻቒልኩም ወይውን ውልቃዊ ሓበሬታኹም ክድምሰሰልኩም እንተደሊኹም ብ **dataprotection@redcross.org.uk.** ጸሓፉልና። ብዛዕባ እቲ ናይ ሳይበር መጥቃዕቲ ክትዘራረቡ እንተደሊኹም ብ **0300 373 0192** ደውሉልና (ሰኑይ – ዓርቢ 10 ቅ. ቀ. - 5 ድ. ቀ.) ተርጐምቲ ኣለዉና።

# ምኽሪ ነቶም ክትንከፉ ዝኽእሉ ሰባት

ነቲ ኣብ ልዕሊ ኣህጉራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ዝተፈጸመ ናይ ሳይበር መጥቃዕቲ ስዒቡ፡ ናይ ኢመይል መልእኽትታት፡ ናይ ጽሑፍ መልእኽትታት ወይ ድማ ናይ ቴለፎን ጻውዒታት ቅንዕና ዘይብሎም ክኾኑ ስለዝኽእሉ ምጥንቃቕ ኣገዳሲ እዩ።

ንኣብነት፡ ኣብ ዘይተጸበኹሞ ናይ ኢመይል ይኹን ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ካብ ቀይሕ መስቀል ኢና ዝብሉ ወይ ድማ ናይ ውልቂ ሓበሬታኹም ክትህቡ ዝሓቱ እንተኾይኖም፡

- **ብፍጹም** ምስቲ መልእኽቲ ዝተተሓሓዘ ዝኾነ ሊንክ ኣይትጠውቑ
- **ሽው ንሽው** ነቲ መልእኽቲ ደምስስዎ፡ ናብ ካልእ ኣይተሕልፉ፡ ወይ ሼር ኣይትግበርዎ
- **መልሲ** ናብቲ መልእኽቲ ኣይትመልሱ ወይ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ኣይትስደዱ

ቅድሚ ዝቕጽል ስጉምቲ እንተደኣ ተጠራጢርኩም ብ **dataprotection@redcross.org.uk** ጸሓፉልና ወይ ድማ ብ **0300 373 0192** ደውሉልና (ሰኑይ – ዓርቢ 10 ቅ. ቀ. - 5 ድ. ቀ.) ተርጐምቲ ኣለዉና። ብዛዕባ ድሕነትኩም ሻቕሎት እንተሓዲርኩም ናብ ፖሊስ ደውሉ።

# ቀይሕ መስቀል ብሪጣኒያ እንታይ ይገብር ኣሎ?

ቀይሕ መስቀል ብሪጣኒያን ኣህጉራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀልን ብሓባር ከምኡ`ውን ምስ ናይ ደገ ክኢላታት ብምኳን ነቲ ናይ ሳይበር መጥቃዕቲ ኣብ ምምርማርን እንታይ ከምእተፈጸመ ኣብምልላይን ከምኡ`ውን ዝኾነ ውልቃዊ ሓበሬታ ተተንኪፉ እንተኾይኑ ኣብ ምጽራይ ይርከቡ።

ምእንቲ ጥንቃቐ ተባሂሉ በቲ መጥቃዕቲ ክትንከፉ ንዝኽእሉ ውልቀሰባት ኣብ ምርካብን ኣብ ምሕባርን ከምኡውን ኣብ ምሕጋዝን ንርከብ ኣለና። ነቲ ኩነታት ብቐረባ ንከታተሎ ኣለና ከምኡ`ውን ዝኾነ ለውጥታት እንተደኣ ሃልዩ ኣብ መርበብ ሓበሬታና ከነፍልጥ ኢና።

# ተወሳኺ ሓበሬታ ብኸመይ ክረክብ እኽእል?

## ኣህጉራዊ ኣገልግሎት ምንዳይ ስድራቤታት

ብሰንኪ ናይ ሳይበር መጥቃዕቲ፡ ኣህጉራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ መስቀል ብሪጣኒያን ምእንቲ ጥንቃቐ ተባሂሉ ኣህጉራዊ ኣገልግሎት ምንዳይ ስድራቤታት ክድስክል ወሲኖም ኣለዉ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ብዛዕባ እቶም ኣቐዲሞም ዝተኸፍቱ ጉዳያት ሓበሬታ ክንህብ ወይ ድማ ሓደስቲ ጉዳያት ክንቅበል ኣይንኽእልን ኢና። ነዚ ኣገዳሲ ስራሕ'ዚ እንቕጽለሉ መገዲ ኣብ ምንዳይ ንርከብ ኣለና። ሓድሽ ሓበሬታ ምስዝህሉ ብዝተኻኣለና ክንሕብር ኢና።

እዚ ስለዘጋጠመ ኣዚና ንሓዝን። ኣቐዲሞም ንኣህጉራዊ ኣገልግሎት ምንዳይ ስድራቤታት ረኺቦም ዝነበሩ ሰባት ብዛዕባ ኣብ ልዕሊ ኣህጉራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ዝተፈጸመ ናይ ሳይበር መጥቃዕቲ ምስዝሰምዑ ክሻቐሉ ይኽእሉ።

ዝኾነ ብቀይሕ መስቀል ብሪጣኒያ ኣህጉራዊ ኣገልግሎት ምንዳይ ስድራቤታት ክሕገዝ ዝጸንሐን ክሓትት ወይ ድማ ብዛዕባ ኣብ ልዕሊ ኣህጉራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ዝተፈጸመ ናይ ሳይበር መጥቃዕቲ ክዘራረብ ዝደሊ ውልቀሰብ ክረኽበና ናይ ናጻ መስመር ቴለፎን ኣዳሊና ኣለና።

ቀይሕ መስቀል ብሪጣኒያ ኣህጉራዊ ኣገልግሎት ምንዳይ ስድራቤታት ኣብ ብ **0300 373 0192** ደውሉልና (ሰኑይ – ዓርቢ 10 ቅ. ቀ. - 5 ድ. ቀ.) ክትድውሉልና ከለኹም ተርጎምቲ ክንቅርብ ኢና።

ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝህልወና ኣብ'ዚ መርበብ ሓበሬታ ክንዝርግሖ ኢና።